ናይ እንቋዕ ድሓን
መጻእኩም በዓል

2016

**<u>ኣብዚ ብደረጃ ሃገረ ደንማርክ ዝዓበየ ናይ እንቓዕ ድሓን መጻእኩም በዓል(መደብ)ኽትሳተፉ ትዕደሙ፣</u>**

## -ዓቢ ናይ ስራሕ ዕድላት እንረኽበላ መዓልቲ !

ንዕለት 10 መስከረም 2016 ቀዳም መዓልቲ ብደረጃ ሃገረ ደንማርክ ዝዓበየ ምዃኑ ዝተኣመነሉ ዝተዳለወ ናይ ስደተኛታት ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም በዓል ክጋባእ ዓቢ ምድላዋት ይካየድ ኣሎ። ኣብዚ መደብ ድማ ንብዙሓት ናይ ስራሕን ካልኦት ናይ ማሕበራዊ ሂወት ዕድላትን ንምፍጣር ዝጥርንፍ ዓበይቲ መደባት ተሰሪዑ ብምህላዉ ንኽትሳተፉ ብኽብሪ ትዕደሙ። ኣብቲ ዕለት ከም ምስ ሰራሕተኛታት ዝደልዩ ወሃብቲ ስራሕን ወከልቲ ዓበይቲ ትካላት ምርኻብ፣ ሓገዛት ናይ ስራሕ ወረቐት(CV)ምድላው ፣ ምስ ናይ ስራሕን ማሕበራዊ ሂወትን ኣማኸርቲ ምርኻብ፣ ወለንታውያን ተሓጋገዝቲ ስድራቤታት ምርካብን ምዝማድን ኣብ ደንማርክ ብኸመይ ናይ ርክባት ዕድላትካ ተስፍሕን ተማዕብልን ንምሕጋዝን ዝብሉ ዓበይቲ መደባት ተዳልዩ ኣሎ ።

ብተወሳኺ ናይ ሙዚቃ፣ናይ ሳዕስዒትን ካልኦት ንጥፈታትን፣ ከምኡውን ዝተፈላለዩ ናይ ቆልዑ ንጥፈታት ተሰሪዑ ኣሎ።በዚ ኣጋጣሚ ዋላ ውን ብደረጃ ስድራ ናብዚ ዓቢ መደብ ክትሳተፉ ከም እትኽእሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

**መእተዊ ዋጋ ብነጻ እዩ።**

**<u>ኣድራሻ</u>**

Forum, Copenhagen ኣብ ጎኒ **Forum Metro Station** እዩ።

**Julius Thomsen Plads 1**

**1925 Frederiksberg C**

## <u>ቀዳም፣ 10 መስከረም 2016 ካብ ሰዓት 12፣00 ክሳብ ሰዓት 21፣00</u>

### <u>ናይ ስራሕ ምዝማድ</u>

ኣብዚ ንእትሳተፉ ምሳኹም ንዝሰማማዕ ናይ ስራሕ ትካላት ምስ ወከልቲ ኣብያተ ስራሓት ክትዘራረቡ ስለ ዝኾንኩም ኣብ መንጎ ደለይቲ ስራሕን (ስደተኛታትን) ወሃብቲ ስራሕን በብዝሰማማዓኩም ምዝማድ ንምኽኣል ኣብዛ ትስዕብ ኣድራሻ www.velkomstfesten.dk ብምእታው ተመዝገቡ።

### <u>ንኣውፈርቲ</u>

ኣብ ደንማርክ ናይ ውልቅኹም ሓድሽ ትካል ንምጅማር ንእትግደሱ ድማ ብናይ ዓበይቲ ትካላት ወኪላት፣ ዓበይቲ ናይ ስራሕ ኣማኸርትን ማሕበራውያን ኣውፈርትን ዝውሃብ ዎርክሾፓት(Workshops) ብምስታፍ ተመክሮ ንምቕሳምን ንምዕባይን ክትሳተፉ ትዕደሙ።

መስመራት ናይ ሜትሮ ባቡርን ኣውቶቡሳት 2A፣ 68 ን 250S ን ክትጥቀሙለን እትኽእሉ ብኣፍ-ደገ ናይዚ ቦታ ዝሓልፉ እየን።

ደጊምና ብድሓን ምጹ እናበልና ተሳተፍቲ ናይዚ ዓቢ መደብ ንኽትኮኑ ብሃንቀውታ ንጽበየኩም !!

ንዝያዳ ሓበሬታ፣ኣብ info@velkomstfesten.dk - www.velkomstfesten.dk ተወከሱ ወይ ድማ
በዚ ኣድራሻ velkomstfesten ብምእታው ኣብ ገጻት Facebook ርኸቡና።